# ቤት ትምህርቲ ነርስ ናብ ኮለጅ ነርስን ቴክኖሎጂ ጥዕናን ተሰጋጊሩ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ዝጸንሑ 119 ሰብ-ሞያ ጥዕና ድማ ኣመሪቑ

ቤት ትምህርቲ ነርስ፡ ናብ ኮለጅ ነርስን ቴክኖሎጂ ጥዕናን ተሰጋጊሩ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ዝጸንሑ 119 ሰብ ሞያ ጥዕና ድማ 1 ታሕሳስ 2001 ኣመሪቑ።

ቤት ትምህርቲ ነርስ ናብ ኮለጅ ነርስን ቴክኖሎጂ ጥዕናን ብምስግጋር ትማሊ 30 ሕዳር ብሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ እዩ ተመሪቑ።

በዚ መሰረት፡ ነተን ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ መሰልጠኒ ሰብ ሞያ ጥዕና ብምስፋሕ፡ ብምሕዳስን ሓደስቲ መምሃሪ ክፍልታት ብምህናጽን ቤት ትምህርቲ ነርስ፡ ቤት ትምህርቲ ሕክምናዊ ቴክኖሎጅን ቤት ትምህርቲ ድሕረ-ምረቓ ነርስን ኣብ ሓደ ምምሕዳር ተጠርኒፈን ኣብ ትሕቲ እቲ ኮለጅ ከም ዝመሓደራ ኮይነን ኣለዋ።

ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ዝጸንሑ 119 ኪኢላታት ጥዕና ሎሚ 1 ታሕሳስ ኣብ ሲነማ ሮማ ተመሪቖም።

ኣብቲ ስነ ስርዓት ምምራቕ፡ ሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ ንተመረቕቲ ዲፕሎማ፡ ብትምህርቶም ጸብለልታ ንዘርኣዩ ድማ ሽልማት ዓዲሉ።

እቶም ዝተመረቑ፡ ብኣለይቲ ሕሙማት፡ ላባራቶሪ ተክኒሻን፡ ፋርማሲ ተክኒሻን፡ ተሓጋገዝቲ ፊዝዮቴራፒ፡ ኣንስተዝያ ነርስ፡ ኦፋታልሚክ ኦፊሰር( Ophthalmic Officers) ዝተመሃሩ እዮም ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊት ምርምርን ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕምን ዶክተር ብስራት ሓጎስ ኣብ ዘስምዓቶ መደረ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኩሉ መኣዝናት ሃገርና ብምዕሩይ ኣገባብ ንምብጻሕ ይሰርሕ ምህላዉ ገሊጻ። ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ኣብቲ ኮለጅ 11 ዓይነት ትምህርቲ ሞያ ጥዕና ይወሃብ ምህላዉ ሓቢራ። ንሳ ኣስዒባ፡ እቲ ነቶም ተመሃሮ ዝተዋህበ ትምህርቲ ኣብዚ ከይተደረተ ኣብ መጻኢ ብዝልዓለ ደረጃ ትምህርቲ ንምቕጻል ዘለዎም ዕድል ዓቢ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ዳይረክተር ኮለጅ ነርስን ተክኖሎጂ ጥዕናን ኣቶ ጸጋይ በራኺ ብወገኑ፡ ኮለጅ ነርስን ተክኖሎጂ ጥዕናን ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ን446 ተመሃሮ ተቐቢሉ፡ ብዝተፈላለየ ሞያ ጥዕና ብዲፕሎማን ልዑል ዲፕሎማን የምህር ከምዘሎ ሓቢሩ።

ቤት ትምህርቲ ነርስ ብ 1955 እዩ ተመስሪቱ።